# ኣኼባ ሽማግለታት ህዝባዊ መኸተ ጀርመን



ብዕለት 27.06.2010 ኣብ ከተማ ማንሃይም (ጀርመን) ኣብ ኩለን ከተማታት ጀርመን ዝርከባ ሽማግለታት ህዝባዊ መኸተ ኣኼባ ኣካይደን::

ኣብ'ዚ ኣኼባ እዚ ነቲ ብዕለት 23.12.2009 ብድፍኢት ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ብባይቶ ጸጥታ ዝሓለፈ ዘይፍትሓውን ዘይሕጋውን ብይን ብትሪ ብምኹናን: ኣብ ጎኒ ህዝቦምን መንግስቶምን ከምዘለዉ ኣስሚሮምሉ::



ብተወሳኺ ህዝቢ ሓድነቱ ኣደልዲሉ ንኹሉ ናይ ውሽጥን ግዳምን ተጻብኦታት: ብጥሙር መኸተ ይብድሆ ከምዘሎ ብምግላጽ፤ ነዚ እገዳ ብህጹጽ ክስሓብ እውን ናብ ፕረዚደንት ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ባራክ ኦባማ ብውልቂ ዜጋታት ኣሽሓት ደብዳበ ከምተላእኸ ተሓቢሩ:: ንሚኒስትሪ ወጻኢ ጉዳያት ጀርመን ኣብ ክፍሊ ኣፍሪቃ ብወከልቲ ሃገራውያን ማሕበራት ኣስታት 120 ሽሕ ክታም ዝሓዘ ፒቲሽን ከምዝተረከብ እውን ተገሊጹ::



ፕሮጀክት „እምቢ ንእገዳ“ ንምድራዕ ድሕሪ ጽፋፍን ሰፊሕን ምይይጥ: ብመሰረት ሽማግለታት ከተማታት ኣብ በቦትአን ዝወሰደኦ ተበግሶ: ነፍስ ወከፍ ዜጋ 100,00 (ሓደ ሚእቲ ኦይሮ) ክውፍይ ኣብ ሰምምዕ ተበጺሑ::

ኣብ መደምደምታ ብጀርመን ደረጃ ትነጥፍ ሽማግለ ህዝባዊ መኸተ ብምምራጽ: ኣኼባ ብዓወት ተዛዚሙ::

ዓወት ንሓፋሽ !

ሽማግለ ህዝባዊ መኸተ ጀርመን